በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።



ብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ

## H.H. 3rd Patriarch Antonious

**10ይ ዓመታዊ ጉባኤ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፡ ን/ሃ/ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።**

**10th Annual Conference of the**

**Eritrean Orthodox Church Diocese of North America**

ሓምለ (July) 09-13, 2008። ደብረ ብርሃን ቅድስት ሥላሴ፡ ሲያትል።

**ናይ ክብረ ዕዱም**

**ብፁእ ሊቀ ጳጳስ ዳዊት**

Guest of Honor His Grace Bishop David, general bishop of the Archdiocese of North America

"..ብርግጽ ኪመጽእ እዩ፡ ኣይክድንጉን ድማ እዩ፡ እንተ ደንጎየ እኳ ተጸበዮ..." ት. እንባቆም 2:3

**"For the revelation awaits an appointed time; it speaks of the end and will not prove false. Though it linger, wait for it; it will certainly come and will not delay." Habakkuk 2:3**

**መልእኽቲ መሪሕ ጥቕሲ**

Message based on theme verse (in Tigrigna)
For more information visit
Www.tewahdo.org

## “...ብርግጽ ኪመጽእ እዩ፡ ኣይክድንጉን ድማ እዩ፡ እንተ ደንጎየ እኳ ተጸበዮ...” እንባ 2፡3

## መሪሕ ጥቕሲ መበል 10ይ ዓመታዊ ጉባኤ።

መጻሕፍቲ ቤተክርስትያን ከምዘብርህዎ፡ ነብዪ እንባቆም ካብ ነገደ ለዊ ኮይኑ ኣብቲ እስራኤላውያንን ኣይሁዳውያንን ኣብ ትሕቲ ምርኮን መቕጻዕትን (70 ዓመታት መቕጻዕቲ ተባሂሉ ዝፍለጥ) ወዲቖም ዝነበሩሉ እዋን፡ ኣብ ከባቢ 610 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝነብረ ነብዪ እዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ እስራኤላውያን ኣብ ክልተ ተመቒሎም (መንግስቲ እስራኤልን መንግስቲ ይሁዳን)፡ ድሮ ኢዮሩሳለም ብንጉስ ነቡካድነጻር (ከለዳውያን) ተታሒዛ፡ ኣቕሑ ቤት መቅደስ ተራስዩ ንጣኦት ተወፍዩ፡ ንይሁዳ ከኣ ሎሚ ጽባሕ ይሕዝዋ ተባሂሉ ዝፍርሃሉ ግዜ እዩ ነይሩ። ስለዚ እስራኤላውያን ኣብ ትሕቲ ከለዳውያን ኣብ ትሕቲ ባርነት ኣዝዩ መሪር ናብራ የሕልፉ ነበሩ። ነብዪ እንባቆም ነቲ ናይ ሽዑ ምረት ህዝቡ ብሽሚዚ ገሊጽዎ ኣሎ “**ኦ እግዚኣብሔር ክትረድኣኒ ኢለ ንነዊሕ እዋን ናባኻ ኣእዌኹ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ዘይትሰምዓኒ? “ይዕምጹና ኣሎዉ” ኢለ ናባኻ ኣእዌኹ ንስኻ ግና ኣየድሓንካናን። ስለምንታይ ክፍኣት ኪርኢ ትሓድገኒ? ንስኻኸ ስለምንታይ ዓመጽ እናረኣኻ ሸለል እትብል? ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣሎ። ባእስን ክርክርን ኣብ ኩሉ ይለዓል ኣሎ። ሕጊ ደኺሙ፡ ፍትሒውን ጠፍኣ። ዓማጺ ንጻድቕ ይብለጾሉ ኣሎ። ፍርዲውን ቀንነ።**” 2፡1-4።

ንኡስ ሃገረ ስብከት ብ2000 ዓ.ም ብብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ ተባሪኹ ብወግዒ ኣገልግሎቱ ካብ ዝጀምርን ቅድሜኡን ተበጊሱ፡ ን10ይ ዓመት ዝካየድ ዓመታዊ ጉባኤ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ሎሚውን ብክብ ዝበለ ምድላዋት ኣብ ደብረ ብርሃን ቅ. ሥላሴ ካብ ሓምለ 9-13/2008 ይካየድ ኣሎ (ዝርዝር መደባት ዝገልጽ ሓፈሻዊ መርኃ 2008 ተመልከት)። ምስቲ ዓመታዊ ክብረ በዓል ታቦት ቅ. ሥላሴ ምግጣሙ ሽኣ ተወሳኺ ድምቀት ሂብዎ ኣሎ።

እዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ጽቡቕን ሕማቕን ዝተፍራረቖ ጉዕዞ ኮይኑ እዩ ጸኒሑን ዘሎን። ኣብ ኃይማኖት ከምዚ ዝኣምሰለ ጉዕዞ ሓድሽ ኣይኮነን፡ መገዲ እምነት፡ መወዳእታኡ ብዓወት ዝዛዘም፡ መገዲ ቃልስን ገድልን እዩ። ቤተክርስትያንና ሓደ ካብቲ ቅጽል ኣስማታ “ናይ ሰማዕታት ቤተክርስትያን ዚብል እዩ”፡ ታሪኽ ቅዱሳት ኣቦታትና ዚምህረና ሓቂ እንተሎ እምበኣር ነቲ ጸልማት ዓርቢ ስቕለት፡ ሰንበት ትንሣኤ ብርሃን ክኽተሎ ግድን ምዃኑ እዩ። ዝተዋህበና ተስፋ ካብ ፈተናና ዕዉታት ኮይንና ከምንወጽእ እምበር፡ ፈተና ዝብሃል ከምዘይትንክፈና ክርስቶስ ኣይመሃረናን (ዮሃ 16፡33፡ 1 ዮሃ 4፡4)። ቃልሲ ከኣ ብዙሕ ምድካምን ምብርታዕን፡ ጥልመትን ጽንዓትን፡ ክሳራን ዓወትን ዘጠቓልል ፈታኒ መገዲ እዩ። ኣሸንባይዶ ንምልዮናት ምእመናን እተጽልል ቤተክርስትያን እንዳመራሕካ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ብውልቂውን ኣብ ዓለም ብዙሕ ፈተናታት እዩ ዝገጥሞ፤ ገሊኡ ይስነፍ፡ ተዋሒጡ ይተርፍ ገሊኡ ሽኣ ብዓወት ይወጽእ። ኣቦና እዮብ ዝምሃረና ዓቢ ቃል ነስተብህል “**ንሰብሲ ኣብ ምድሪ ሰልፊዶ ኣይኮነን**? ኢዮብ 7፡1።

ኣበተን ቀዳሞት ዓመታት፡ ኣብ ዓዲ ዝነብር ህዝብና ይኹን ኣብ ስደት ዝነብር፡ ኣብ ዘመነ መግዛእቲ ርእይዎ ዘይፈልጥ መንፈሳዊ ኣገልግሎት፡ ፍቕርን ሓድነትን ኪረክብ ብምጅማሩ ሓጎሱ ልዑል እዩ ነይሩ። ንኣብነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ቤተክርስትያናት ካብ 5-6 ናብ ከባቢ 20 ተሰጋጊረን ተስፉ ዝህብ ኣገልግሎት ጀሚሩ ነይሩ። ካብ ዓዲ በብእዋኑ ዝመጹ ኣቦታት 1ይ ፓትርያርክ ኣቡነ ፊሊጶስ፡ ልኡኻት ካልኣይ ፓትርያርክ ኣቡነ ታዕቀብን ሳልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስን በብግዜኡ መጺኦም ሓጎሰኦም ብዝተፈላልየ መገዲ ገሊጾም፤ ዝተሰነደ ናይ ጽሑፍን ድምጽን ምስክርነት ኣሎ (http://www.tewahdo.org/News_Events/Audio.html)። እዚ ትንሣኤ ቤተክርስትያን ዘተስፉ ኣገልግሎት ግን፡ ጸላእቲ ኣጥርዩ፡ ሰብ ብገርሁ ከኣ ምኽሪ ጸልማት ተወድዩ፡ ቀስ ብቐስ ኣብ ግብሪ ስለዝውዓለ፡ ሎሚ ቤተክርስትያንና ኣብ ከቢድ ፈተና ትርከብ ኣላ። እቲ ብ2002 የካቲት ብመንግስቲ ኤርትራ ንኽሕግዘኩም ምሁር ሰብ ሂብናኩም ኣሎና ተባሂሉ ዝመጸ ውልቀ ሰብ (ኣቶ ይፍታህ ቀሺ ዲሞጥሮስ) ሕጊ ቤተክርስትያንና ብኢደወነኑ ቀይሩ፡ ጭዋ ሰብ ንቤተክርስትያን ባዕሉ ኪምርሕ ስለዝጀመረ፡ ብተደጋጋሚ ዓለም ለኻዊ ቀኖና ቤተክርስትያን ተጋሂሱ። ከምሳዕቤኑ ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣብ ከቢድ ቅልውላውን ነውጽን ኣላ፡ ካብ ኣሓት ኦርየንታል ትዋህዶ ቤተክርስትያናት፡ ዓለም ለኻዊ ማሕበር ቤተክርስትያናትን ከኣ ኣብ ፍጹም ተነጽሎ ኣትያ ኣንፈታ ከምዘጥፈአት መርከብ ኮይና ትርከብ። ኣብ ሞንጎ እቶም ኣብ ኃዋርያዊ መስመሮምን፡ ሕጊ ቤተክርስትያንን ጸኒዖም ህዝቦም ዘገልግሉን፡ ኣብ ሞንጎ እቶም መፍረስቲ ሕግን ከቢድ ቅልስ ይካየድ ኣሎ።

እዚ ሽግርዚ ብ2005 ካብ ዝጅምር እቶም ሰብ ሓቂ ዘልዓልዋን ክሳብ ሎሚ ለይቲ ዘይተለወጠትን ቃል ሓንቲ እያ። ንሳ ኸኣ ሕጊ ቤተክርስትያን ይከበር ትብል እያ። እቶም ሰብ ግዜ ግን ነቲ ዘፍረስዎ ሕጊ ንኸኽውሉ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ዚቐያየር ሜላታትን ጸለመን፡ ጌጋ ኣብ ርእሲ ጌጋን ይፍጽሙ ኣሎዉ እምበር ክሳብ እዛ እዋን እዚኣ ዝጭበጥ ነገር ኣይቐረቡን። ህዝብና ከኣ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ሎሚ ብዛዕባ ሕጊ ቤተክርስትያን፡ መንነት ቅኑዓትን ዘይቅኑዓት መራሕትን ኪፈልጥን ኪመራመርን ብምጅማሩ፡ ኣብ ዓዲ ዘሎ ይኹን ኣብ ደገ ዘሎ ዝበዝሐ ህዝብና፡ እቲ ጉዳይ ከምጽሓይ ቀትሪ በሪህሉ እዩ። ድሮ ብቐጥታ ይኹን ብተዛዋዋሪ፡ ከኣ ፍርዱ ሂቡ እዩ። ንኣብነት ኣብ ደገ ዘሎና ህዝብና ንዕዘቦ ከምዘሎና፡ እቶም መገዲ ትስሕቱ ስለዘሎኹም፡ ብብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝተነበረልኩም ውግዘት ከይተለዓለ፡ ምስ ኣሓት ኦርየንታል ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት ፈሊኩም ዘሎ ገበን ከይፈታሕኩም፡ ቤተክርስትያን ኪትመርሑ ኣይትኽእሉን ኢኹም ብምባል ኣብ ኃዋርያዊ መሠረቶም ዝጸንዑ፡ ሓላፍነቶም ዘይደርበዩ፡ ኣቦታት ህዝብና ከም ንህቢ ኪዓስሎምን ከኽብሮምን ይርኣይ ኣሎ። እቶም ሕጊ ዝጠሓሱን፡ ኪጠሓስ ከሎ ዓገብ ዘይበሉን ከኣ ህዝብና ይንዕቆምን ይርሕቆምን ኣሎ። ምእመናን ኢዶምን እግሮም ስለዘሕጸሩ መነባበሪ ገንዘብ ስኢነን ዝተዓጽዋን ናብኡ ገጸን ዘምርሓ ዘለዋ ቤተክርስትያት ሒደት ኣይኮናን።

እምበኣር ኣብ ከምዚ ኩነታት ኮይንና ነብዕሎ ዘሎና መንፈሳዊ ንግደት፡ ከም ወትሩ ብዝተፈላልየ መደባት ማዕሪጉ፡ ብናይ ክብሪ ዕዱም ብጹእ ሊቀ ጳጳስ ዳዊት እንዳተመርሐ ብውዕዉዕ መንፈስን ጽንዓትን ይካየድ ኣሎ። ንሎሚ ዓመታዊ መምሪሕትና ኪትከውን ዝተመርጸት ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ "..**ብርግጽ ኪመጽእ እዩ፡ ኣይክድንጉን ድማ እዩ፡ እንተ ደንጎየ እኳ ተጸበዮ**..." ካብ ትንቢት እንባቆም 2፡3 እትብል እያ። እቲ ዚመጽእ እግዚኣብሔር እዩ። እወ ታሪኽ ቤተክርስትያን ከምዝምስክሮ፡ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ፍትሒ፡ ሓሶት ኣብ ልዕሊ ሓቂ ንዘልኣለም ዚኸውን ዕምሪ ስለዘይብለን እግዚኣብሔር ፍትሒ ሒዙ ኪመጽእ እዩ። ብማዕበል ንዝተሃወኸትን፡ ንሃዋርያት ኣብ ቅብጸት ዘብጽሐቶም ጃልባ፡ እምነቶም ምእንቲ ኪዕዘብ ደቂሱ ከምዝጸንሐ ኮይኑ ብድድ ኢሉ ነቲ ማዕበል ዘህድአ ክርስቶስ ሎሚውን ንቤተክርስትያኑ ሰላም ንዓኺ ኢሉ ዳግማይ ሰላምን ትንሣኤን ኪህባ ኪመጽእ እዩ (ማር 4፡35-41)።

ምጽባይ ንዕና ንደቂሰብ ከቢድ እዩ። ሓደ ሓደ እዋን ከምቲ ነብዩ እንባቆም ዝተማረሮ ኣዝይና ንማረር፡ ኣብ ካልእ እዋንውን ትዕግስትና ምስተወድአ ከም ሃዋርያ ጴጥሮስ ሰይፍና መዚዝና ኣእዛን መፍረስቲ ሕጊ ክንቆርጽ ንደፋፋእ ንኸውን (ማቴ 26፡ 36-46)። ንሱ ነባሪ ፍታሕ ኣየምጽእን፡ ነዊሕ ዘኽይድ መገዲውን ኣይኮነን። "**ሰይፍኻ ናብ ቦትኣ ምለሳ ብሰይፊ ዝመጽእ ብሰይፊ'ዩ ዝጠፍእ**" ምባልና ከኣ ኣይተርፈናን እዩ። እምበኣር እዚ ንፍለጥ፡ እግዚኣብሔር ንሰዓብቱ ካብ ስጋውያንን ዓለማውያንን ሰባት ናብ መንፈሳውያንን ናይ ሓቂ ኣመንትን ዘሰጋግረሉ ካልእ ኣቋራጭ መገዲ ግን የለን። ቅዱሳት ኣቦታትና ዝሓለፍዎ መገዲ ንሕናውን ኪንከዶ ዝግብኣና መገዲ ሓንቲ እያ። ንሳ ኸኣ "**ንምድሓን እግዚኣብሔር ተስፋ ምግባርን ብህድኣት ምጽባይን ሰናይ እዩ።" ዶግዓ ኤርምያስ** 3፡26 ኣትብል እያ። እዚ ናይ ሎሚ ዓመት መሪሕ ጥቕሲ ኣብ ዝስዕብ ክፍልታት ተዳልዩ ኪውሃብ እዩ።

**1ይ. ሰለምንታይ'ዩ እዩ እግዚኣብሔር ብፈተና ኪንሓልፍ ዚደልየና? ካብ ፈተና ክርስቶስን ኩሎም ሰዓብቱን እንታይ ንምሃር? (ብቃላት ነብዪ እንባቆም፡ ስለምንታይ ክፍኣት ኪርኢ ትሓድገኒ? ንስኻኸ ስለምንታይ ዓመጽ እናረአኻ ሸለል እትብል?)።** እዚ ሕቶዚ ኣብ ውሽጢቲ ታሪኻዊ ትሕዝቶኡ ኣእቲና እንተሪእናዮ እግዚኣብሔር ስለምንታይ ንሰብ እስራኤል ንሰብዓ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ገፋዕትን ጨካናት ገዛእትን ከምዝደርበዮም፡ እቲ መልሲ ብዙሓት ነብያት ኣነጺሮሞ ኣሎዉ። ንኣብነት ኣብ 2ይ ነገስት ከምዚ ይብል "**ብዘመኑ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ደየበ እሞ፡ ዮያቂም ክሳዕ ሰለስተ ዓመት ተገዝኦ...ከምቲ እግዚኣብሔር ብኣፍ ባሮቱ ነብያት እተዛረቦ ቓል ከኣ ምእንቲ ኬጥፍእዋ ናብ ይሁዳ ሰደዶም። እዚ ኸኣ ብሰሪ እቲ ምናሴ ዝገበሮ ኩሉ ሓጢኣትን ድማ ብሰሪ እቲ ንጹህ ደም ዜፈሰሶን፡ ንእዮሩሳሌም ከኣ ብንጹህ ደም ስለዝመልኣ፡ ንይሁዳ ኻብ ቅድሚ ገጹ ኼልግሳ ብትእዛዝ እግዚኣብሔር እዩ ዝኾነ። በዚ ኸኣ እግዚኣብሔር ይቕረ ኪብል ኣይፈተወን።" 2 ነገስት** 24፡1-4። እዚ ናይ ፈተና እዋን ንውሱን እዋን ምንባሩን (ንይሁዳ ኻብ ቅድሚ ገጹ ኼልግሳ ዝብል ቃል ነድህበሉ) ተስፋ እግዚኣብሔርን ግን ብሰፊሑ ብኣፍ ብዙሓት ነብያቱ ደጋጊሙ ተገሊጹ እዩ። ድሒሪ እዚ መከራ'ዚ ዝመጽእ ተስፋ ሓደ ካብቶም ነብያት (ነብዪ እርምያስ) ዝተነበዮ ምርኣይ ይከኣል (ኤር 24፡ 1-) ኣብ ታሕቲ በሰፊሑ ኪግለጽ እዩ።

ብሓፈሻ ስለምንታይ እግዚኣብሔር ንደቁ ብፈተና የሕልፎም? እቲ መልሲ ብዙሕን ዝተፈላለየን ኪኸውን ይኽእል እዩ። ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንባዕሉ ብኽቢድ ሕማማትን ስቕለትን ሓሊፉ እዩ። ክብደት ፈተናኡ ዝገልጽ ቃል "**ኤሎሄ ኤሎሄ ላማ ሳባቅታኒ፤ ኣምላኸይ ኣምላኸይ ንምንታይ ሓደግካኒ**" ዚብል ቃል ኣሎ። ዕላማ'ቲ ፈተና ግን ግብሪ ሰይጣን ከፍርስን ንደቂ ሰብ ከድሕንን ነበረ።

ሃዋርያት ብዘይካ ሃዋርያ ዮውሃንስ፡ እንከሎይ ብመንፈስ ኣቦናን ቀዳማይ ፓትርያርክናን ቅዱስ ማርቆስ፡ ኩሎም ብሰማእትነት እዮም ሓሊፎም። ስለዚ እምበኣር እቲ ንኹልና ከዕግብ ዚኽእል መልሲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ እብራውያን ዝበሎም ቃል እዩ። **“እቲ ኸም ንውሉድ ገይሩ፡ ወደየ እግዚኣብሔር ነቲ ዘፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ እሞ፡ ነቲ ዚቕበሎ ዘበለ ውሉድውን ይገርፎ፡ ስለዚ ቕጽዓት ጎይታ ኣይትንዓቕ፡ እንተ ገንሓካውን ሕሊናኻ ኣይተዕርብ…ቕጽዓት እንተተዓገስኩም፡ ኣምላኽ ከም ውሉድ ገይሩ ይርእየኩም እዩ። ኣቦኡ ዘይቐጽዖ'ሽ እንታይ ውሉድ እዩ?...ብዘይ እታ ኩሎም ዚሓብሩላ ቕጽዓት እንተ'ኾንኩም ግና፡ ደቓሉ እምበር ውሉድ ኣይኮንኩምን።…ካብ ቅድስናኡ ምእንቲ ኪንማቐል ኢሉ ንጥቕምና እዩ ዚቐጽዓና። ቕጽዓት ዘበለስ ንግዜኡ ንጓሂ እምበር፡ ንሓጎስ ከምዝ'ኸውን ኣይመስልን እዩ፡ ንዳሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ።” እብራውያን 12፡4-11።**

**2ይ. ጠንቂ ባእስን ክርክርን እንታይ'ዩ? ሕጊ ብኸመይዩ ዚደክም፡ ሳዕቤን ሕጊ ምድካምከ እንታይዩ? (ብኣፍ ነብዪ እንባቆም፡** **ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣሎ። ባእስን ክርክርን ኣብ ኩሉ ይለዓል ኣሎ። … ዓማጺ ንጻድቕ ይብለጸሉ ኣሎ።…ሕጊ ደኺሙ፡ ፍትሒውን ጠፍአ። ፍርዲውን ቀነነ።**) ኣብ ዓለምና ሕጊ እንተዘይህሉ ናብራ ደቂ ሰባት ካብ ናይ እንስሳ ኣይምተፈልየን። ኣብ ሞንጎ ዝሃድንን ዚህደንን ንዝህሉ ጽልኢ፡ ቅትለትን ግፍዕን… ካልእ ስም ምረኸብናሉ እምበር ህይወት ኣይምተባህለን፡ ቀጻልነትን ምዕባለን ደቂ ሰባት ከኣ ኣይምሃለወን። ሕግን ንሕጊ ዘፈጽም ሓይሊ እንሃለወን እኳ ንጋዶ! ከለዳውያን ወረርትን ዓመጽትን ስለዝነበሩ ሕጊ ኪህሉ ኣይደልዩን እዮም ዝነበሩ። ምኽንያቱ ሕጊ እንተቐይሙ ከምቲ ኣቦታትና ዝብልዎ “ነዊሕ ኣይነጥሮ፡ ሓጺር ኣይሓልፎ” ንኹሉ ብማዕረዩ ዝዳኒ። ቀንዲ ስራሕ መንግስታት ከኣ ሕጊ ኣብ ግብሪ ምውዓል ስለዝ'ኾነ፡ ንባዕሉ ሕጊ ዝጥሕስ መንግስቲ ሕጊ ኣ'ኽብር ኪብል ኣይክእልን። እቲ ንዘመናት ዘነባበሮም ሕጊ ኣቦታቶም ብንጉስ ነብካዱነጻር ስለዝፈረሰ፡ እስራኤልውያን ኣብቲ እዋን እቲ ብዘይ ሕጊ ይነብሩ ነበሩ። ሕጊ ስለዘይነበረ ኸኣ ዝሓየለ፡ ዝሃብተመ፡ ኣብ ቅድሚ ገጽ ንጉስ ዝተፈትወ ድልየቱ ዚገብረሉ እቲ ድ'ኻን ንጹህን ሰብ ከኣ ብረሲኣንን ዓመጽኛታትን ዚግፍዓሉ እዋን ኔሩ። ከምሳዕቤን ሕጊ ምድካም ከኣ ሰላምን ፍቕርን ጠፍአ። እቶም ኣብ ነድሕድሕዶም ብምስግሳግ፡ ብፍቕሮምን ሓድነቶምን ዝፍለጡ ዝነበሩ ህዝቢ፡ ኣብ ፈቓድኡ ዝፍጠር ክርክርን ባእስን መለለዪ እስራኤልውያን ኮነ። ምኽንያቱ ኣብ ሞንጎ ዓመጽትን ተዓመጽትን ሰላም ኪህሉ ኣይክእልንዩ።

ኣብ ቤተክርስትያንና ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ህቦብላ ምስቲ እስርኤላውያን ዝሕለፍዎ ስቓይ ይመሳሰል እዩ። ንኣስታት 1700 ዓመታት ንቤተክርስትያን ብሰላምን ርግኣትን ዘስተናበረ ሕጊ ፈሪሱ፡ ዋላሓንቲ ቅንጣብ ማዕርግ ይኹን ትምህርቲ ቤተክርስትያን ዘይብሉ ውልቀ ሰብ፡ ሓድሽ ሕጊ ኣሕቲሙ ኪመርሓና ምጅማሩ ንህዝብናን ዓለምን ዘስደመመ ዘሕፍር ግበን እዩ። ከም ውጽኢቱ ሎሚ ድይቁናን ካህናት ካብ ዝቕበሉ ዝውገዙን ብብዙሕ ምኽንያታት ካብ ኣገልግሎቶም ዝሰናበቱ ውሉደ ክህነት ይበዝሑ። “ዘኣውገዘ በከንቱ ውጉዝ ውእቱ” ከም ዝብሎ ፍትሓ ነገስት ውግዘቶም ካብ ታራ ቃል ዝሓልፍ ሚዛን ስለዘይብሉድማ “ንባዕላትኩም ፍትሓት ትደልዩ ኣብ ትሕቲ ውግዘት ትነብሩ ክትውግዙ ኣይት'ኽእሉን ኢ'ኹም” ዝብል መልሲ፡ ህዝብና ኣብ ዝተሰዶ ዘበለ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ይልዓል ኣሎ። ኣብ ዝኣተ'ኻዮን ዝወጻእካዮን ቦታታት፡ ኣብ ቤተክርስትያንና ተራእዩ ዘይፈልጥ ባእስን ክርክርን በዚሑ፡ ብዙሓት ምእመናን ሓጢኣት ካብ ምውሳ'ኽሲ ኣብ ገዛና ምዕጻው ይሕሸና ኢሎም እግሮም ኣሕጺሮም ይርከቡ። ብፍላይ እቲ ተተካኢ ቤተክርስትያን ዝ'ኾነ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከብን መንእሰይን፡ ቶባ ኢሉ ተስፋ ዝቖረጸሉ እዋን ንዕዘብ ኣሎና። ምኽንያቱ ሰብ ገፊዕካ ሕውነት፡ ሕጊ ኣፍሪስካ ሕድነት ህዝብን ቤተክርስትያንን ኪትጽበ ዚክኣል ኣይኮነን።

**3ይ እግዚኣብሔር ኣብ ግዜ ፈተና ከመይ ኪንክወን ይደልየና? (ካብ ነብዪ እንባቆም እንታይ ንምሃር?) (ብኣፍ ነብዪ እንባቆም፡** **“እግዚኣብሔር እንታይ ከም ዚዛረበንን ብዛዕባ እቲ ኽትዐይ ከኣ እንታይ ከም ዚምልሰለይን ተጠንቂቐ ምእንቲ ኽሰምዕ ኣብቲ መሓልውየይ ደው ኪብል፡ ኣብ ልዕሊ ግምቢውን ክቐውም እየ።**) ሓደ ካብቲ ብዙሕ ሳዕቤናት ፈተና፡ ኣብ ግዜ ሰላምን ድሓንን ብሓባርን ብሓድነትን ኪጉዓዙ ዝጸንሑ ሰባት ዚፈላለይሉ መድረ'ኽ ም'ኳኑ እዩ። ምፍልላይ ዝፈቱ ሰብ የለን። ወርቅን ንወርቂ ዝመስልን ዝፈላለይሉ ግን ሓዊ እምበር ማይ ኣይኮነን። ሓቀኛ ተማራይን፡ ናይ ድቢዛ ተማሃራይን ዝፈላለይሉ ፈተና እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ከኣ ይብለና "እቶም ቅኑዓትኩም ምእንቲ ኪፍለዩ ኣም ሞንጎኹም ምፍፍልላይ ኪህሉ ግድን እዩ።..................)። ቅኑዓት መራሕቲ ቤተክርስትያንን፡ ንኸብዶም ዝነብሩ መራሕትን እተለልዮም በቲ ኣብ ግዜ ፈተና ዘርእይዎ ባህርይ እዩ። ህዝብና ምስ ጨነቖ መፍትሒ ደልዩ ናብ ቤተክርስትያን እዩ ዝመጽእ። ምኽንያቱ ቤተክርስትያን ንሓቂ ትጣበቕ ኣብቲ ክርስቶስ ዝሃባ ሕድሪ ጸኒዓ ደው ክትብል እዩ ኩሉ ሰብ ዚጽበያ። መራሕቲ ቤተክርስትያን እምበኣር ንመድሓኔ ዓለም እንዳተኣዘዙ፡ ኣሰር ሃዋርያትን ቅዱሳንን እንዳሰዓቡ፡ ሰዓቡና ኪብሉ ከሎዉ ጥራሕ እዮም ሕፉራትን ክቡራትን ኪኾኑ ዚኽእሉ። መራሕቲ ከም ተራ ሰብ ሓቂ እንተጥፊኦም ግን ክብረት የሎን፡ እንትርፎ ሕስራን። ንመራሕቲ፡ መራሕቲ ዘብሎም ከኣ ማዕርግን ፍሉይ ኣልባሳትን ዘይኮነ፡ ሕጊ ኣብ ምኽባር ጸብለል ብምባሎምን፡ ስጋኦም መሊኾም ብዘጥርይዎ መንፈሳዊ ብስለትን እዩ። እቲ ዘገርም ፈተና ጥዑም እኳ እንተዘይኮነ ናይ ምዕባለን ዕብየትን ኣፍደገ ኸኣ ንሱ እዩ። ደቂ ሰባት ዓቕምና ብግቡእ መዚንና፡ ትውክልትና ኣብ መድኃኔ ዓለም ጥራይ እንገብረሉ ሽዑኡ እዩ። ፈተና እንተዘይሃልዩ ኣብ ርእስኻ ፍልጠትካን ክእለትካን ምውካል ይመጽእ፡ መልመስትን ሞትን ከኣ የኸትል። ታሪኽ ከምዝህረና፡ ቤተክርስትያን ካብቲ ናይ ሰላም እዋን ንላዕሊ ኣብ ጊዜ ፈተና እያ ትዓቢ። ብዙሓት ንነዊሕ እዋን ንቤተክርስትያንና ብቐረባ ዚፈልጥዋ ምሁራት ደቂ ቤተክርስትያን፡ እዚ ናይ ሎሚ ፈተና፡ ኣምላኽ ንጽቡቕ እታ ቤተክርስትያን ኪገብሮ ምዃኑ ይኣምኑ።

ከም ኣቦታትና እምበኣር ኣብቲ ኣምላኽ ዘቐመጠና ሓልፍነት ደው ክንብል ይግባእ። ታሪኽ ቅ. ኣትናቴዎስ (መበል 20 ፓትርያርክ እስክንድርያ) እንተተዓዘብና፡ ሓሙሽተ ግዜ ካብ ወንበሩ ተሰዲዱ፤ ዓሰርተ ሽዱሽተ ሃጸያውያን ኣሳጒጎሞ፤ ሰዓብቱ ከይተረፉ ዓለም ብምልእታ ንትምህርቲ ኣርዮስ ተቐቢላ እያ እሞ፡ ንዓ ኢድካ ሃብ ኣብ ዝበልሉ እዋን ዝመለሶ ቃል ንዘክር "**ኣትናቴዎስ ከኣ ምእንቲ እምነት ክርስቶስ ኣንጻር ኩሉ ዓለም ዓጢቐ ኣሎኹ**" በለ (St. Athanasius Contra Mundum / Against the World)። ኩሉ ክርስትያን ኪፅጠቐ ዝግባእ ዕጣቕ-ሓቂ እዚ እዩ። ኣምላኽ ንዝኣምንዎ እሙን ስለዝኾነ ንመከርኡ ወዲኡ ፓትርያርክ ኩላ ዓለም ተባሂሉ ክሳዕ ዝጽዋዕ እኽበሮ። ኣብተን ዳሕረዎ ዓመታቱ፡ ካብ ብዘላ ዓለም እንዳመጹ ምኽሪ ካብ ቅ. ኣትናቴዎስ ይቕበሉ ነበሩ። ቅ. ኣትናቴዎስ ኢዱ ሂቡ ኔሩ እንተዝኸውን ሃይማኖት ተዋሕዶ ዝብሃል ሎሚ ኣይህምሃለወን።

ኣብ ቤተክርስትያንና ተጋሂሱ ዘሎ ቀኖና እምበር ዶግማ ዘይምዃኑ ዝፍለጥ እዩ። ይኹን እምበር ክብደት እቲ ተጣሒሱ ዘሎ ሕግን ኣንፈቱን ንዝርዳእ ሰብ ግን ኣዝዩ ሓደገኛ ምዃኑ ብሩህ እዩ። ትንኣስ ትዕበ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ሕጊ (ምስጢረ ክህነት) ክትጥሓስ ከላ ምጽቓጥ ካብ ንኣምላኽ ንሰብ ምፍራህ እዩ ዘመልክት። እምበኣር ካብዚ ኩሉ እንመሃሮ ዓቢ ትምህርቲ ክሳዕ ኣምላኽ ፍትሒ ሒዙ ዝመጽእ ደው ምባል እዩ።

<u>4ይ መወዳእታ ዕጫ ረሲኣንን እንታይዩ? ጻድቕን ካብ ግዜ ፈተና እንታይ መንፈሳዊ ረብሓ ይረኽቡ? (ብቓል ነብዩ እንባቆም</u> ብርግጽ ኪመጽእ፡ ኣይኪድንጉን ድማ እዩ፣ እንተደንጎየ እኳ ተጸበዮ። እቲ መልእኽቲ 'እቶም እኩይ ዚግብርዎም ዕቡያት ብሕይወት ኣይኪነብሩን እዮም። እቶም ጻድቃን ግና ብእምነት ይነብሩ' ዚብል እዩ)። ኣብ ላዕሊ ምረት ደቂሰባትን ውሳኔ ነብዩ እንባቆምን ርእይና። እቲ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ሚዛን ዝውሃቦ ግን መልሲ እግዚኣብሔር እዩ። ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ስለምንታይ ፈተና ከምዝመጸን ክሳብ መኣስ ምዃኑን እታ ንሱ ፍትሒ ሒዙ ዝመጸላ ሰዓትን ዝፈልጥ ንሱ ጥራሕ እዩ። ንደቂ ሰባት ዝኸብደና ብዛዕባቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ኩሉ መከራ ምሉእ ኣፍልጠ ስለዘይብልና እዩ። ሓንቲ ነገር ግን ኣዳዕዲዕና ንፈልጥ "**ኣነ ዝሓስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ድሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኮነን" ኤርምያስ** 29፡11። ብድሕሪ'ቲ መሪር ፈተና እስራኤልውያን ዝነበረ ሓቂ እዚ እዩ "**እግዚኣብሔር ...ከዚይብል ኣሎ...ነቶም ካብ እዚ ስፍራ እዚ ናብ ሃገር ከለዳውያን ዝሰድድክዎም ምሩኻት ይሁዳ...ናብ ሃገሮም ኪመሶም፡ ክሃጽም እየ እሞ ኣይከፍርሶምን፡ ክተኽሎም እየሞ ኣይክምንቁሶምን...እግዚኣብሔር ምዃነይ ኪፈልጥኑስ ልቢ ኪህቦም እየ...ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑኒ እነ ኸኣ ኣምላኾም ኪኸውን እዩ።" ኤር** 24፡1-10።

*መውዳእታ እቶም መፍረስቲ ሕግን ረሲኣንን ግን፡* "**እቶም እኩይ ዚግብርዎም ዕቡያት ብሕይወት ኣይኪነብሩን እዮም።" ኣምላኽ ካብዚ ይሰውረና።**

ንቤተክርስትያንናን ሃገርናንሰላሙይሃብ!

ን/ክ/ ስነ-ጽሑፍ ኣብ ክፍሊትምህርትን ስብከትን። ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።